# ጊዜ ከይሓለፈ ኣሕዋት
## ንሳማማዕ።

ብ በላይ ምስፋን ( ጀርመን)
14/08/2006

ተዋጊእና ንሳላሳ ዓመት
ቡዙሓት ሓሊፎም ሰማእታት
ቃንዝኦም ተሪፉ ኣብ ህዝብታት

ዝኸፍኤ መጺኡ ዕዉንዉን ንብል ኣሎና
ንብላሽ ምስኮነ መስዋእትና
መሬት ጠፍጢፍና ንረግም ኣሎና
ንቃለስ ኣለና በብዝኸእለትና
ዘራጊ ኣትዩዎ ንቃልስና
ዘሳኒ ባህልና ኣጥፊኡልና
ፍልስፍና ኣምጺኡ ናይ ልመና
ንሰናይ ዘጥፍእ ርጉም ጸቅጡና
ከይንዝቲ ፋሕብትን ኣትዩና
ዝሰምየም ስኢኖም ለባማትና
ረዲና ሒዝናዮ ረጋጺና

መርገም ድአ ከይከዉን ወሪዱና
ኣይፋል ንበል ሎም ይአኽለና
ንጌጋ ንግደፎ ብሓባር ምሒልና
ቀደም ዝሓለፈ እንተዘኪርና
ንነጻነት ንበል ተባሂልና
እምቢ ንበል ጓና ከይገዝአና
ምስ ኢትዮጵያ ብዝብሉ ተሳዒርና
ዝጠፍኤ ክንመልስ ነዊሕ ተጓዒዝና
ደቆም’ዉን ጠፊኦም ምስ ደቅና
ማእለያ ዘይብሎም ጠፊኦም ኣሕዋትና

ስምረት ንዝብሉ’ዉን ታሓሲምና
ነንሕድሕድና ብዙሕ ተጣፊእና
ጎዕዞ ናይ ናጽነት ሓላሊኹና
ዓመታት ደንጉዩ ናጽነትና
ዝሓዘና ዛርቲ ዘይብሉ ጥዕና
ንጸጋም ዝመክር ጥራይ ዘፍትወልና
ብሰላም ምንባር ከሎ ዝሕሸና
ነዚ ርጉም ነዉጽአዮ ማይ ድጋም ጌርና

ብሰላም ክነብር ሕጊ ጌርና
ምዱጉዳግ ዝፈቱ ቆለ ዲዩ ሒዙና
ጽቡቐ ንዝዛረብ ነሰዶ ድሂልና
ሓመኞ ንዝዛረብ ንንእዶ ኣጣቒዕና
ሕስብ ድአ ነብል ብጽሞና

አምላኽ ተቐይሙ ከይህሉ ብኣና
ይቕረታ ንሕተቶ ኣብ እግሩ ሰጊድና
ጸሎት ንግበር ምሕረቱ ክበና
ንሕማቕን ጽቡቕን ክንፈልጥ መሚና
ሰሚርና ንዘቲ ንድህነትና

እንተዘይለቢምና ንምሸቱ
ህግደፍ ምብትታንና መፍተቱ
እቲ መልኣኹ ሰላም ዘይፈቱ
ንጳጳስ ዝአስር ጋኔን መማኽርቱ
አንጻር ሕዉነት'ዩ ቢጊሓቱ
አንጻር ሰላም'ዉን ብጊሓቱ
ደቂሱ ዝሓድር ህዝቢ አናቐቱ
መገሻ እያ ኩልሳዕ ምኽኒቱ

ክፋእ ንዝፍሕስ ይህብ ሽመቱ
ድሓን ንዝሓስብ እስራ- ቤት ይእቱ
ሽግርን መከራን እዩ መባልዕቱ
ጽፍዒት ዝፈቱ ሃዋሪያቱ
ኣናኪሱዋ ህልም ንምሸቱ
ገይሽ ነይረ መልሲ ንጽብሒቱ
ባእሲ እንተሰምዔ ምስዋር'ያ ናቱ
እዕርቂ  እንተሰምዔ ተካል'ያ ምሸቱ
ተጎልቢቡ ይኣልም ዘየፉቱ
መንግስታት ጸላእቱ አዕሩክቱ ሸፋቱ
ይገላግለና ድአ ብምሕረቱ
የርእየና ህዝብና ወፈሩ ብድሓን ክኣቱ

ንህዝብና ራህዋን ሰላምን ይፍጠረሉ
ዓወት ንደሞክራስያዉያን
ተቓለስቲ